

South East London
Integrated Care System

NHS
South East London

TIGRINYA

# ጥዕና ደቅና ንምሕላው ንሓግዝ፡ ሎሚ ክምኡ'ውን ንመጸኢ

ብዛዕባ ክታበት ተወሳኺ ሓበሬታ

selondonics.org/childrenshealth

nhs.uk/conditions/vaccinations

SCAN ME

# ስለምንታይ ቈልዑ
# ምኽታብ የድልዮም?

ክታበት፡ ንቈልዑ ኣብ እዋን ንእስነቶም፣ ናይ ትምህርቲን ጉብዝናኦምን ዕድመ ካብ ከቢድን፣ ንህይወት ኣብ ሓደጋ ዘውድቑን ሕማማት ይከላኸለሎም። ኣብ መላእ ዓለም ክታበት ህይወት ሚሊዮናት ኣድሒኑ እዩ። ይኹንምበር፡ ሰባት ክታበት እንተደኣ ጠጠው ኣቢሎም፡ ተላባዕቲ ሕማማት፣ ከም ብሓድሽ ክዝርግሑ ተኽእሎ ይፈጥረሎም።

## ክታበት ብኸመይ ይሰርሕ?

ክታበት ንሕማም መሲሉ እዩ ዝሰርሕ (ልክዕ ከም ቫይረስ ወይ ባክቴሪያ ኣብ ሰብነትና ወራርን ዕብዬትን ጀርም )፣ከምኡ'ውን ኣብ ሰብነትና ሕማም ዝከላከሉን "ኣንቲ ቦዲስ" ተባሂሎም ዝጽውዑ ፍሉያት ተዋጋእቲ ከመይ ገይሩ ከምዝፈጥር ዝምህር እዩ።

ሰብነትና ብሕማም ምስተትሓዘን ምስተሓከመን፣ ክመሃሮ ካብ ዝኽእል ንላዕሊ ብመገዲ ክታበት ክመሃር ዝያዳ ውሑስ እዩ። ሰብነትና ብመገዲ ክታበት፣ሕማም ብኸመይ ከምዝከልኸል ሓንሳእ ምስ ተመሃረ፡ ንብዙሕ ዓመታት ውላድኩም ክሕልወልኩም ይኽእል እዩ።

## ንውላድኩም ካብ ሕማምን ቃንዛን ምክልኻል

ብመሰረት ውድብ ጥዕና ዓለም(www.who.int) ክታበት ኣብ ነፍስ ወከፍ ዓመት ልዕሊ 3.5 ሚሊዮን ሰባት ብሰንኪ ዲፍተሪያ፣ ቴታነስ፣ ዉፒንግ ካፍ፣ ፍሉንሚዝልስን ዝስዕብ ሞት ይከላኸል።

ክታበት ኣብ ዩኬ ካብ ዝተኣታተወሉ እዋን ኣትሒዙ፣ ከም በዓል ንፍዮን ቴታነስን ዝኣምሰልሉን፣ ንሚልዮናት ሰባት ዝቐተሉን ዘሰንከሉን ሕማማት ጠፊኦም ኣለዉ ወይውን ሳሕቲ ይረኣዩ'ለዉ። ካልኦት ከም ሚዝልስን ዲፍተሪያን ዝተብሃሉ ሕማማት፣ ክታበት ካብ ዝተኣታተወሎም ንደሓር ብ99.9% ነክዮም ኣለዉ።

**ይኹንምበር፡ ሰባት ክታበት እንተደኣ ጠጠው ኣቢሎም፡ ተላባዕቲ ሕማማት ከም ብሓድሽ ክዝርግሑ ተኽእሎ ይፈጥረሎም።**

## እዚ በራሪ ጽሑፍዚ ብዛዕባ ምንታይ እዩ?

እዚ በራሪ ጽሑፍ'ዚ፣ ዝያዳ ብዛዕባቲ ብ ኤን ኤች ኤስ ብናጻ ንቈልዑ ዝወሃብ ክታበትን መዓስ ከምእነኽትቦምን ዝገልጽ እዩ። ዝያዳ ውጽኢታዊ ምእንቲ ክኸውን፣ ክታበት ብእዋኑ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ። ግን ውላድኩም ክታበት እንተደኣ ሓልፍዎ ንጇፒኹም ተወኪስኩም፣ከም ዘርክብ ምግባር ይከኣል እዩ።

# ፖሊዮን ኤም ኤም ኣርን
# ናይ ኣርክብ ክታበት ኣብ ለንደን

ምሉእ ክታበት ብእዋኑ ንዘይረኸቡን ካብ 1 ክሳዕ 11 ዓመት ንዝኾኑን ቈልዑ፣ ናይ ፖሊዮን ኤም ኤም ኣርን ክታበታት ኣብ ለንደን ብመገዲ ጂ ፒ፣ መባእታ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ናይ ኲም ክሊኒካትን ኣብ ምሃብ ይርከብ።

## ንቈልዑ ኣንጻር ኤም ኤም ኣርን ፖሊዮን ብፍሉይ ምክልኻል ስለምንታይ ኣድለየ?

ኣብ 2022፡ ምልክታት ፖሊዮ ኣብ ለንደን መፍሰሲታት ረሳሕ ማይ ተረኺቡ። እዚ ድማ እቲ ቫይረስ ኣብ ሞንጎ ሰባት ይመሓላለፍ ከምዘሎ ኣመልኪቱ። ኣብ ቀረባ ዝተኻየዱ ምርመራታት፣ እቲ ደረጃ ዝርግሐ ከምዝነከየ ዘርድኡኳ እንተኾኑ፣ እቶም ምሉእ ብምሉእ ዘይተኸተቡን ክታበት ጽቡቕ ገይሩ ዘይሰርሓሎምን ሰባት ሕጂውን ብፖሊዮ ናይ ምትሓዝ ሓደጋ ኣንጻላልይዎም ይርከብ።

ኣብዚ ዓመትዚ'ውን (2023) ኣብ ለንደን ቊጽሪ ሕማም ሚዝል እናወሰኸ ኣብ ምምጻእ ይርከብ። ኣብ ምሉእ ኢንግላንድ፡ ብገምጋም ካብ 10 ቈልዑ 1 ናይ ኤም ኤም ኣር ክታበት ኣይተከትበን። ኣብ ገለ ክፋላት ናይ ለንደን ካብ 5 እቶም 2 ኣይተኸትቡን። እዚ ድማ ብኣሸሓት ኣብ ዝቑጸሩን ብፍላይ ኣብቶም ተነቀፍቲ ቈልዑ፣ ብሚዝል ናይ ምትሓዝ ከምኡ'ውን ኣብቶም ዘይተኸትቡ ሕብረተሰብ እቲ ሕማም ናይ ምልባዕ ስግኣት ይዛይድ።

## ክታበታት ፖሊዮን ኤም ኤም ኣርን ውሑሳት ድዮም?

እወ፣ ኣዝዮም ውሑሳት እዮም፣ ኣብ ዓለም'ውን ሚልዮናት ህጻናት ተከላኺልሎም እዩ።

## ኣብ ሞንጎ ክታበት ኤም ኤም ኣርን ኦቲዝምን ምትእስሳር ኣሎ ድዩ?

ኣብ ሞንጎ ክታበት ኤም ኤም ኣርን ኦቲዝምን ምትእስሳር ከምዘሎ ዝረድእ መርትዖ የብን። ብዙሓት መጽናዕትታት ነዚ መርሚሮም እዮም።

## እቲ ክታበታት ንቈልዑ በኸመይ እዩ ዝወሃብ?

ክልቲኡ ክታበታት ኣብ ጭዋዳታት ናይ ሰለፍ ወይ መታልሕ ብመርፍእ እዩ ዝወሃብ።



# ቈልዑ ኣብ መበል ክንደይ
# ዕድመኣም'ዩ ክታበት ምኽታብ ዘድልዮም?

| ዕድመ | ክታበት | ዝከላኸሎ |
|---|---|---|
| 8 ሰሙን | **6 ኣብ ውሽጢ 1 ክታበት** (1ይ ክታበት) | – **ዲፍተሪያ, ሄፒታይተስ ቢ፣ ሂብ** (ሄሞፌለስ ኢንፍሉዌንዛ ዓይነት ቢ) **ፖሊዮ, ቴታነስ, ዉፒንግ ካፍ** (ፐርቱሲስ) |
| | **ክታበት ሮታቫይረስ** (1ይ ክታበት) | – **ሮታቫይረስ** |
| | **ሜን ቢ** (1ይ ክታበት) | – **መኒንጎኮካል ጉጅለ ቢ ባክተሪያ** |
| 12 ሰሙን | **6 ኣብ ውሽጢ 1 ክታበት** (2ይ ክታበት) | – (ኣብ ላዕሊ ንዘሎ ተመልከት) |
| | **ክታበት ሮታቫይረስ** (2ይ ክታበት) | – **ሮታቫይረስ** |
| | **ነድሪ ሳምቡእ (PCV) ክትክስን** | – **ስትረፕቶኮከስ ኒሞኒያ** |
| 16 ሰሙን | **6 ኣብ ውሽጢ 1 ክታበት** (3ይ ክታበት) | – (ኣብ ላዕሊ ንዘሎ ተመልከት) |
| | **ሜን ቢ** (2ይ ክታበት) | – (ኣብ ላዕሊ ንዘሎ ተመልከት) |
| 1 ዓመት | **ሂብ/ሜን ሲ** | – **ሂብ** (ሂሞፊሊያ ኢንፍሉዌንዛ ዓይነት ቢ) **መኒንጃይትስ ሲ.** |
| | **ኤም ኤም ኣር** (1ይ ክታበት) | – **ሚዝልስማምፕስሩቤላ** |
| | **ኒውሞኮካል (ፒሲቪ)** (2ይ ክታበት) | – **ስትረፕቶኮከስ ኒሞኒያ** |
| | **ሜን ቢ** ( 3ይ ክታበት) | – (ኣብ ላዕሊ ንዘሎ ተመልከት) |
| 18 ወርሒ | **ኤም ኤም ኣር** (2ይ ክታበት)<br>ኣብ ዝበዝሕ ኣውራጃታት ሳውዝ ኢስት ለንደን ንዝነብሩ ቈልዑ | – **ሚዝልስማምፕስ፣ሩቤላ** |
| 2-16 ዓመታት | **ክታበት ፍሉ** (በቢ ዓመቱ) | – **ፍሉ**(ኢንፍሉዌንዛ) |
| 3 ዓመት ን 4 ወርሒን | **4 ኣብ ውሽጢ 1** (ቅድሚ-ቤት ትምህርቲ - መሐየሊ) | – **ዲፍተሪያ፣ቴታነስ፣ ዉፒንግ ካፍ፡ ፖሊዮ** |
| 12-13 ዓመት | **ክታበት ኤች ፒ ቪ** | – **ህዩማን ፓፒሎማቫይረስ** |
| 14 ዓመት | **3 ኣብ ውሽጢ 1** (ኰተቴ/ጕርዞ መሐየሊ) | – **ቴታነስ፣ ዲፍተሪያ፣ ፖሊዮ** |
| | **ሜን ኤ ሲ ደብልዩ ዋይ** | – **ሜኒንጃይትስ፣ ሴፕቲቸሚያ** |

# እዞም ክታበታት ንውላደይ ካበየኖት ሕማማት እዮም ዝከላኸሉሉ?

## ኤም ኤም ኣር

(ሚዝልስ፣ ማምፕስ፣ ሩቤላ)

ሚዝልስን ሩቤላን ልክዕ ከም ሰዓል ዝመሳሰል ምልክት ብምርኣይ ይጅምሩ፡ ደሓር ዕንፍሩር ይወጽእ። ኣብ ሳሕቲ ኩነታት ሚዝልስ፡ ሃንደበታዊ ምንፍርፋር፣ ዑረት፣ ኒሞኒያ (ነድሪ ሳምቡእ) ን መሚንጃይተስ (ኣንቅጺ) ከስዕብ ይክእል፣ ከምኡ'ውን ሓድ ሓደ ግዜ ቀታሊ ክኸውን ይኽእል። ሩቤላ ኣብ ጥንሲ ንዘለዋ፣ ኣብ ልዕሊ ዘየተወልደ ቈልዓ ጸገማት ብምፍጣር ሓደገኛ ክኸውን ይኽእል እዩ። ማምፕስ፡ ኣብ ጎድንታት ናይ ገጽ ቃንዛ ዘለዎ ሕበጥ ይፈጥር፣ ከምኡ'ውን ኣብ ሳሕቲ ኩነታት ናብ ናይ ቫይረስ መኒንጃይተስ ይመርሕ።

## ሜን ቢ + ሜን ኤ ሲ ደብልዩ ዋይ

ናይ መኒንጎኮካል ረኽስታት (ሕማማት) መኒንጃይተስ (ኣንቅጺ)ን ምምራዝ ደም (ሴፕሲስ)ን ዘስዕቡ ኣመና ከበድቲ ክኾኑ ይኽእሉ። ኣብ ሳሕቲ ኩነታት ሞት ከስዕቡ ይኽእሉ።

## ኒውሞኮካል

ኒውሞኮካል ረኽስታት (ሕማማት) ናብ ኒሞኒያ (ነድሪ-ሳምቡእ)፡ ሴፕሲስ (ምምራዝ ደም)ን መኒንጃይተስ (ኣንቅጺ)ን ዘስዕቡ ኣመና ከበድቲ ክኾኑ ይኽእሉ።

## ቴታነስ

ቴታነስ ናብ ቁስሊ ብዝኣቱ ባክተርያ ዝመጽእ ከቢድን ንህይወት ኣብ ሓደጋ ዘእቱን ኩነታት (ረኽሲ) እዩ። ምትራር መንጋጋ፣ ቃንዛ ዘለዎ ምጭብባጥ ጭዋዳታት፣ ጸገም ምስትንፋስ፣ ልዑል ሙቐት፣ ረሃጽ፣ ቅልጡፍ ህርመት ልብን ምንፍርፋርን ከስዕብ ይኽእል።

## ዉፒንግ ካፍ

(ፐርቱሲስ ተባሂሉ ዝጽዋዕ)

ዉፒንግ ካፍ ንሳምቡእን መተሓላለፊ ኣየርን ዘጥቅዕ ረኽሲ (ሕማም) ክኸውን ከሎ፣ ንህጻናትን ቈልዑን ኣመና ከምዝሓሙ ክገብሮም ይኽእል እዩ። ኣብ ሳሕቲ ኩነታት ቀታሊ ክኸውን ይኽእል።

## ሮታቫይረስ

ሮታቫይረስ ኣመና ተላባዒ ሕማም ከስዐ (ጨጐራ) ክኸውን ከሎ ፣ብፍላይ ንህጻናትን ቈልዑን የጥቅዕ፣ ውጽኣት፣ ተምላስ፣ ሕማም ከንዲን ረስኒን የስዕበሎም።

## ፖሊዮ

ፖሊዮ ምስ ፍሉ ዝመሳሰል፣ ማእከላይ ምልክታት የምጽእ፣ ግን ኣብ ሳሕቲ ኩነታት ምድካም ጭዋዳታት (ፓራሊሲስ) ከስዕብ ይኽእል እዩ።

## ዲፍተሪያ

ዲፍተሪያ ከቢድ ረኽሲ (ሕማም) ክኸውን ከሎ ንኣፍንጫን ጐሮሮን ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ንቈርበት ይጥቅዕ። ቀልጢፉ እንተደኣ ዘይተሓኪሙ ቀታሊ ክኸውን ይኽእል፡ ብፍላይ ኣብ ህጻናት።

## ሄፕ ቢ

ሄፕታይተስ ቢ ናይ ጸላም ከብዲ ረኽሲ እዩ። ብዙሕ ግዜ ካብ 1 ክሳዕ 3 ኣዋርሕ ይጸንሕ። መብዛሕትኦም ሰባት ዝኾነ ምልክት የብሎምን፣ ወይውን ፈኲስ ምልክታት ይረኣዮም፣ ግን ኣብ ሳሕቲ ኩነታት ልዕሊ 6 ኣዋርሕ ዝጸንሕ ሕዱር ሕማም ክኸውን ይኽእል። ሕዱር ሄፕ ቢ እንተዘይተሓኪሙ ኣመና ጐዳኢ ክኸውን ይኽእል።

## ሂብ ቢ

ሄሞፊሊስ ኢንፍሉዌንዛ ታይፕ ቢ (ሂብ) ዓይነት ባክተሪያ ክኸውን ከሎ፣ንህይወት ኣብ ሓደጋ ከውድቕ ዝኽእል ሕማም ክኸውን ይክእል። ህጻናትን ቈልዑን ኣመና ናይ ምሕማም ሓደጋ የንጸላልዎም።

## ፍሉ

ፍሉ ንቈልዑ ኣመና ዝከፍአ ክኸውን ይክእል እዩ። ከም በዓል ብሮንካይተስን ኒሞኒያን ዝኣመሰሉ፣ ንሳምቡእን መተሓላለፊ ኣየርን ንዘጥቕዑ ሓደገኛ ጸገማት ከቃልዕ ይኽእል።

## ኤች ፒ ቪ

ሂዩማን ፓፒሎማ ቫይረስ (ኤች ፒ ቪ) ንኣዝዮም ልሙዳት ጕጅለታት ቫይረስ ዝተውሃበ ስም እዩ። ገሊኦም "ዝለዓለ ሓደጋ" ተባሂሎም ይጽውዑ።ምኽንያቱ ምስ ምዕባለ ካንሰር ዝተትሓዙ እዮም ንኣብነት፡ ናይ ማህጸን ጫፍ ካንሰር፣ ናይ መሃንቱስ ካንሰር፣ ናይ ብልዕቲ ካንሰር ከምኡ'ውን ናይ ርእስን ክሰዳን መንከስን። ካልኦት ዓይነታት ከም ጡብ ኣድጊ ዝኣመሰሉ ኩነታት ከስዕቡ ይክእሉ።

# ኣብ ልዕሊ ቈልዑ ዝፍጠሩ ሳዕቤናት ናይ ክታበት እንታይ እዮም?

**ትሕቲ 10% ዝኾኑ ቈልዑ ምስተኸትቡ ድሕሪ 2 ወይ 3 መዓልታት ፈኲስ ሳዕቤናት ክታበት የጋጥሞም።**

ሳዕቤን ክታበት እዞም ዝስዕቡ ክኾኑ ይኽእሉ፡

- ኣብቲ መርፍእ ክታበት ዝተገብረሉ ቦታ ሕበጥ፣ ምቅያሕን ምቑሳልን
- ጽልኣት ወይ ልዑል ረስኒ ምህላው
- ምርባሽ፣ ምብካይን ምሕራቕን ወይ ዕረፍቲ ምስኣን
- ተምላስን ግዜያዊ ሸውሃት ምጥፋእን

ገለ ቈልዑ ሳሕቲ ሳዕቤናት የጋጥሞም- ንኣብነት፡ ካብቶም ክታበት ኤም ኤም ኣር ዝተከትቡ 24,000 ቈልዑ እቲ 1 ዕንፍሩር ይወጾ።
ብዛዕባ ሳሕቲ ዘጋጥሙ ሳዕቤናት ንምፍላጥ ጇ ፒኹም ተወከሱ።
ተላባዕቲ ሕማማት እናገደዱ ናይ ምምጻእ ተክእሎ ከምዘሎ ምዝካርውን ኣገዳሲ እዩ ንኣብነት ሚዝልስ፣ ማምፕስን ሩቤላን ኣመና ሓደገኛታት እዮም።

## ውላደይ ነዚኣቶም ወይ  ካልኦት ሳዕቤናት ክታበት ምስ ዘጋጥሞ እንታይ ክገብር ኣለኒ?

ፈኲስቲ ሳዕቤናት ንቈልዑ ፓራሲታሞል ብምሃብ ክተሕውዮም ይከኣል፡ ንኣብነት ካልፖል እንተደኣ ተሻቒልኩም ወይውን ውላድኩም ቀጻሊ ሳዕቤናት ክታበት እንተደኣ ኣጋጢምዎ፡ ንጇፒኹም ተወከሱ።



# ኣብቲ ክታበት እንታይ እዩ ዘሎ ውሑስ ድዩኸ?

## ክታበት ኣብ ውሽጡ እንታይ ይሕዝ?

ቀንዲ ትሕዝቶ ናይ ዝኾነ ክታበት፡ ውሑድ ዓቐን ናይ ዝተቐትሉ፣ ዝተዳኸሙ ወይውን ዝተምሃዙ ጀርምታት ናይቲ ሕማም የጠቓልል። እዚኣቶም "ኣንቲጅንስ" ተባሂሎም ይጽውዑ። ገለ ውሑዳት ሓደስቲ ክታበታት ኣብ ክንዲ ን"ኣንቲጅን" ባዕሉ ዝህቡ፣ ሰብነትና ን "ኣንቲጅንስ" ከፍሪ ዘሕግዞ ሓበሬታ ይህቡ።

ሓደ ሓደ ግዜ ክታበት፡ ንክታበት ውሑስን ዝያዳ ውጽኢታዊን ከምዝከውን ዝገብርዎ ካልኦት ቀመማት ይሕዝ።

## ዝኾነ ክታበት ውጽኢት ስጋ ሓሰማ ይሕወሶ ድዩ?

ገለ ክታበታት፣ ኣብ እዋን ምኽዛን እቲ ክታበት ውሑስን ኣድማዒን ምእንቲ ክኸውን ዝሕግዝ ናይ ሓሰማ መለግለጋ ይህልዎም። ብሃይማኖታዊ ወይ ምስ መግቢ ዝተተሓዝ ምኽንያታት፣ ውላድኩም ናይ ሓሰማ መለግለጋ (ጀላቲን) ዘለዎ ክታበት ከይኽተብ እንተደኣ ደሊኹም፣ ንሰብ ሞያ ክንክን ጥዕና ኣማራጺታት ከናድዩ ሕተቱዎም።

## ክታበት ንቈልዑ ውሑሳት ድዮም?

ኣብ ዩኬን ዓለምን ዝነብሩ ብሚልዮናት ዝቝጸሩ ቈልዑ፣ ኣንጻር ከበድቲ ሕማማት ተኸቲቦም እዮም- በዚ ምኽንያት ድማ ውሕስነቶም ከምዝሕሎ ተገይሩ እዩ። ክታበት እንተላይ ንስድራቤትኩም፡ መቕርብኩምን ዝገፍሐ ሕብረተሰብን ፣ብፍላይ ድማ ነቶም ኣብ ተነቃፊ ኲነታት ንዘለዉ ሰባት ዝከላኸል እዩ።

ብመሰረት ሕጊ፣ኲሎም ክታበታት ቅድሚ ኣብ መዓላ ምውዓሎም፣ ኣብ ውሽጢ ኣዝዩ ከቢድ ናይ ውሕስነት መረጋገጺ (ፈተና) ይሓልፉ። ክታበት ሓንሳእ ኣብ ዩኬ ምስተኣታተወ፡ ብመገዲ ናይ ትካል መቈጻጸሪ መድሃኒትን ናውቲ ክንክን ጥዕናን (MHRA) ዝኾነ ሳዕቤን ከይህልዎም ምክትታል ይገበረሉ።

## ንውላደይ ኣብ ሓደ እዋን ብዙሕ ክታበታት ምኽታብ ውሑስ ድዩ?

መጽናዕትታት ኣብ ሓደ እዋን ብዙሕ ክታበታት ምኽታብ፣ውሑስ ከምዝኾነን፣ ካብ ኣዝዩም ከበድቲ ሕማማት ክሕለዉ ከምዝክእሉን የረድኡ።

## ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ናበይ ክኸይድ እኽእል?

ብዛዕባ ክታበትን ውሕስነቶምን ወይም ሳዕቤናቶምን ዝኾነ ሻቕሎት፣ ምጥርጣር ወይ ሕቶታት እንተሃልዩኩም፣ ብኽብረትኩም ጂ ፒኹም ወይ ካልእ ናይ ኤን ኤች ኤስ በዓል ሞያ ጥዕና ተወከሱ።

ኣብዚ ዩኬ ናይ ዝርከቡን ኣብ ዓለም ዝለዓሉ ትካላት ጥዕናን ክንክንን ዘቕረቡዎም ሳይንሳዊ መርትዖታት ይርከቡ እዮም። ንኣብነት ውድብ ጥዕና ዓለም፣ ኤም ኤች ኤስን ዩኒቨርሲቲ ኦክስፎርድን።

ኣንጻር- ክታበት ዝምልከቱ ዛንታታት ብኦንላይን ብፍላይ ድማ ብመገዲ ሶሻል ሚድያ ክዝርግሑ ይኽእሉ። ኣብ ሳይንሳዊ መርትዖታት ዘይተመርኮሱ፣ከምኡ'ውን ንውልዳኩም ኣብ ከቢድ ሃደጋ ሕማም ዘውድቑ ክኾኑ ይኽእሉ።

**ክታበት፣ ንገዛእ ነብስናን ውላድናን ካብ ሕማማት ንምክልኻል ክንገብሮም፣ ካብ ክንገብሮ እንክእሎም ነገራት እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር እዩ።**

**ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኤን ኤች ኤስ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ:**

www.nhs.uk/conditions/vaccinations/why-vaccination-is-safe-and-important

# ክታበታት እንተላይ ናይ ኣርክብ ክታበታት
# ብኸመይ ምርካብ ከም ዝከኣል

## ናይ ኤን ኤች ኤስ ናይ ናጻ ክታበት መን ይረክብ?

ኲሉ ቈልዓ ብዘይ ክፍሊት ናይ ኤን ኤች ኤስ ክታበት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ። ውላድኩም ንኹሉ ክታበት ከምዝወሰዱ ንምርግጋጽ፣ ንጂፒኹም ኣዘራርቡ ወይውን ንናይ ውላድኩም ቀይሕ መጽሓፍ (ሬድ ቡክ) ፈትሹ።

## ውላደይ ንኹሎም ልሙዳት ክታበታት ምእንቲ ክረክ፣ ኣብ ጂፒ ክምዝገብ የድልዮ ድዩ?

ውላድኩም ኣብ ጂፒ እንተ ዘይተመዝጊቦም'ውን ናይ ናጻ ክታበት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም። ዝኾነ ኣብ ኢንግላንድ ዝነብር ሰብ ብዘይ ክፍሊት ኣብ ጂፒ ክምዝገብ ይኽእል። ናይ ኣድራሻ መረጋገጺ ወይ ናይ ኢሚግረሽን ወረቐት፣ ታሴራ ወይውን ናይ ኤን ኤች ኤስ ቊጽሪ ምቕራብ ኣየድልየኩምን። ጂ ፒ በዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡ www.nhs.uk/service-search/find-a-gp

## ብዛዕባ ናይ ቈልዑ ክታበታት ተወሰኽቲ ሓበሬታታት ብኸመይ ክረክብ እኽእል?

ብኽብረትኩም ንጂፒ ተወከሱ ወይውን ኣብ ኦንላይን ፈትሹ፡

selondonics.org/childrenshealth

nhs.uk/conditions/vaccinations

SCAN ME

### ውላድኩም ምስ ዝሓምም ሓፈሻዊ ናይ ጥዕና ምኽሪ

ነኣሽቱ ቈልዑ በብግዜኡ ይሓሙ እዮም- እዚ ድማ ክፋል ናይ ምዕባይ እዩ። ይኹንምበር፡ እዚ ንወለዲን ናበይትን ኣጨናቒ ክኸውን ይኽእል እዩ። ብዙሕ ግዜ፡ እቲ ሕማማት ከበድቲ ኣይኰኑን ከምኡ'ውን ኣብ መንበሪ ገዛ ወይ ብደገፍ ናይ ጂፒ፣ በዓል ሞያ ፋርማሲ ወይ ሀልዝ ቪዚተር ክሕከሙ ይኽእሉ። ዝያዳ ምኽሪ ንምርካብ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኤን ኤች ኤስ ተወከሱ፡
www.nhs.uk/conditions/baby/health

እዚ በራሪ ጽሑፍ ብዓበይቲ ፊደላትን ብዝተፈላለዩ ቋንቋታትን ተዳልዩ እዩ።

ብኽብረትኩም በዚ ርኸቡ፡
communications@selondonics.nhs.uk

ብቦርድ ደቡባዊ ምብራቕ ለንደን እተወሃሃደ ክንክን ተሓቲሙ

NHS
South East London